ባህላዊ ዱውላ (ተሓጋጋዚት) ክትወልዲ ኣብ እትቐርበሉ እዋን ኢያ ደገፍ ትህበኪ። ቅድሚ ሕርሲ፡ ኣብ እዋን ሕርስን፡ ድሕሪ ሕርስን ብቋንቋኺ ትታሓባበረኪ። ውሕስነት ክስምዓክን ምስ ሰራሕተኛታት ሆስፒታል ብቐሊሉ ንኽትራዳድእዮምን ትሕግዘኪ። እታ ዱውላ ክንክን ጥዕና ከመይ ከም ዝሰርሕ ስለ ትፈልጥ ብቐሊሉ ከተረድኣኪ ትኽእል ኢያ። እታ ዱውላ ተሓጋጋዚትኪ ጥራሕ ስለ ዝኾነት: ሕክምናዊ ምኽሪ ክትህበኪ ኣይትኽእልን እያ፡ እንተኾነ ግን ኣብ ክንክን ጥዕና ድሌት እንተለኪ ቅኑዕ ሓገዝ ንክትረኽቢ ክትታሓባበረኪ ትኽእል።

**ቅድሚ ሕርሲ**: ኣብ እዋን ጥንስኺ እታ ዱውላ ምሳኽን ምስ መጻምድትኽን ምእንቲ ንሓድሕድኩም ክትፋለጡን ብሓባር ኣብ እዋን ሕርሲ ከመይ ክኸውን ከም እትደልዩ ክትውጥኑንን፡ ትራኸብ። እቲ ምትሕብባር ብዝተኻእለ መጠን ጽቡቕ ምእንቲ ክኸውን ዋላ እቲ ኣቦ እውን ምስታ ዱውላ ክራኸብ ኣገዳሲ እዩ።

**ኣብ ጊዜ ሕርሲ**: ናብ ሆስፒታል ክትከዲ ግዜኺ ምስ ኣኸለ እታ ዱውላ ናብ ማእከል ሕርሲ ንምድዋል ክትሓባበረኪ ትኽእል። ሕርሲ ክጅምረኪ ከሎ ኣቐዲምኪ ንዱውላ ትሕብርያ ምእንቲ ንሳ'ኽኣ ክትዳሎ።



ናይ ምሕራስ ጊዜኺ ምስ ኣኸለ እታ ዱውላ ናብ ሆስፒታል ንኽትመጽእ: እታ መሕረሲት ኢያ ትውስን: ምእንቲ እቲ ዘድልየኪ ደገፍ ኣብ እዋኑ ክትረክቢ። እታ ዶውላ ኣብ እዋን ሕርሲ ውሕስነት ንኽስምዕኪ ትድግፈክን: ከምኡውን ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና እንታይ ይብሉ ከምዘለዉን ብቐሊሉ ብቋንቋኺ ንምርድዳእ ትሕግዘኪ።

እታ ዱውላ ምስጢር ናይ ምዕቓብ ግዴታ ኣለዋ። ዝኾነ ዝርኣየቶን ዝሰምዓቶን ነገራት ምስ ዝኾነ ሰብ ኣይትዛረብን ኢያ።

**ድሕሪ ሕርሲ**: እታ ዱውላ ኣብ ሆስፒታል ወይ ኣብ ገዛ ሓንሳብ ወይ ክልተ ጊዜ ምሳኺ ክትራኸብ ትኽእል። ብድሕሪኡ ብዛዕባ ህጻንን ድሕሪ ምውላድ ዘሎ ግዜን ንዝቐርቡ ሕቶታት መልሲ ንምርካብ ጥራሕ ኢያ ክትታሓባበረኪ ትኽእል።

ካብ ዱውላ ሓገዝ ምርካብ ክፍሊት የብሉን: እንተኾነ ግን ነታ ናይ ዱውላ ደገፍ ክትስርዝዮ እንተደሊኺ: ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኪ ነታ ኣብ ጊዜ ጥንስኺ ትከታተለኪ ወይ ነታ ዱውላ ባዕልኺ ትሕብሪ።: ብዙሓት ደቂኣንስትዮ ዱውላ ስለዝደልያ: እታ ዱውላ ምእንቲ ንኻልኦት ነፈሰጾራት ክትሕግዝ።

